ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

التحالف الديمقراطي الارتري

**ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE**

# ቃል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
# ብኣጋጣሚ መበል 15 ዓመት ዝኽሪ ናጽነት ኤርትራ

ክቡር ተጋዳላይ ህዝብና፡

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ኣቐዲሙ ነቲ ብናይ ፍርቂ ዘመን ተጋድሎኡን መስዋእቱን ድኻሙን ናጻን ልዑላዊትን ኤርትራ ጋህዲ ክትከውን ዝገበረ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ኵሉ ኵርንዓት ናይ ዓለም ፋሕ ኢሉ ዝርከብ ጅግና ህዝብና፡ እንቋዕ ደምካን ርሃጽካን ንሽንቱ ኣይተረፈ፥ እንቋዕ ከኣ ናብ መበል 15 በዓለ ናጽነት ኣብጽሓካ እናበለ ናይ ዮሃና መልእኽቱ የመሓላልፍ። ልዕሊ ኵሉ ድማ፡ ነቶም ምእንቲ ሓርነት ሃገሮምን ናጽነት ህዝቦምን ክቡር ህይወቶም ዘሕለፉን ኣካሎም ዝጐደሉን ሰማእታትናን ውጉኣት ሓርነታትናን ዘለዎ ጠሪሱ ዘይሃስስ ነባሪ ዝኽርን ክብርን መጐስን ይገልጽ።

ሰራዊት መግዛእቲ ብግንቦት 1991 ዓ.ም ተሳዒሩ ካብ ኤርትራ ድሕሪ ምውጻኡ፡ ህዝብና ድሕሪ ደጊም ሰላም ሰፊኑ ኢዩ፡ ውግእን ወረ ውግእን ኣብቂዑ ኢዩ፡ ኤርትራ ራህዋን ቅሳነትን ዝሰፈና ሃገር ክትከውን ኢያ፡ ፋሕ ዝበለ ህዝቢ ክእከብ ኢዩ፡ ብኽያትን ሓዘንን ከኽትም'ዩ ካብ ዝብል ብሩህ ተስፋ ተበጊሱ፡ ኵሉ ትጽቢታቱን ባህግታቱን ዝተፈጸመሉ ኰይኑ ስለእተሰምዖን፡ ሓጐሱ ብዝተፈላለዩ መልክዓት ክገልጽ ተሰምዐን፣ እጅግኡ ሰብሲቡ ንዳግመ-ህንጻ ሃገሩ ተበገሰን። ከምኡ ውን፡ ኣህጒራዊ ማሕበረ-ሰብ፡ ኤርትራውያን፡ ድሕሪ'ዚ ነዊሕ ናይ ውግእን ብርሰትን ተመኵሮ፡ ስልጥንትን ኣብነታዊትን ሃገር ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክሃንጹ ኢዮም ካብ ዝብል ተስፋ፡ ዘይተቖጠበ ደገፎም ንስርዓት ኣስመራ ክህቡ ጀሚሮም ምንባሮም ውን ዝዝከር ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ "ዘራጊት ላም ዘላተን ኣሓስ፡ ጽሩይ ማይ ነይሰትያ" ከምዝብሃል፡ ነዊሕ ከይከደ፡ ብሰንኪ'ቲ ኣብ ኤርትራ ስልጣን ዝጨበጠ ዲክታቶርያዊ ስርዓት እተኸተሎ ግጉይ ፖሊሲታት፡ ኵሉ'ዚ ትጽቢታትን ሕልምታትን'ዚ ከም ትኪ በኒኑ ተረፈ።

ክቡር ተቓላሳይ ህዝብና፡

ባዕዳዊ መግዛእቲ ካብ መሬትና ካብ ዝወጽእ 15 ዓመታት እኳ እንተሓለፈ፡ ህዝብና ግን፡ ጌና ብስእነት ሰላምን ፍትሕን ዲሞክራስን ይሳቐን፤ ብናይ ሕማምን ስደትን ድኽነትን ድንቍርናን ሓለንጊ ይግረፍን ኢዩ ዘሎ። ሃገርና ኤርትራ፡ ኣብ ዞባና ይኹን ኣብ ዓለም ብጣልቃ ኣእታውነት፡ ብምጽሕታር ውግኣት፡ ብስደትን ጥሜትን እትልለ ሃገር ኰይና። ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ብሓፈሻ፡ ማእሰርቲ ጋዜጠኛታትን መራሕቲ ሃይማኖትን ተቓወምቲ ፖለቲከኛታትን ደቆም ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘምለጡ ወለድን ድማ ብፍላይ፡ ደቂ ሃገር ይኹን ወጻእተኛታት ዝዛረበሉ ክፉት መጽሓፍ ኰይኑ።

ህዝብና ግን፡ በቲ ዝካየድ ዘሎ ማእሰርትን መግረፍትን ኣይረዓደን። ብኣንጻሩ፡ ተቓውሞኡ ከም ድጉል ሓዊ ፈኺም እናበለ'ዩ ክኸይድ ዝርአ ዘሎ። ናይ'ዚ መርኣያ ድማ፡ እቲ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ክዝርጋሕ ጀሚሩ ዘሎ ናይ ተቓወምቲ ወረቓቕትን፤ ኣብ ግዳም ዝርከብ ህዝብና ዘካይዶ ዘሎ ሰላማዊ ሰልፍታትን ናይ ኤርትራውያን ናይ ዜና ማዕከናት ዘካይድዎ ዘለዉ ቀጻሊ ምቅላዕ ናይ'ቲ ስርዓትን ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ ጽላል ተጠርኒፎም፡ ንፍልልያቶም ኣብ ክንዲ ብጥይትን ብቆይቅን ብእሩም ልዝብን ብእንካን ሃባን ብምጽውዋርን ክፈትሑ ምኽኣሎም ንስርዓት ኢሳያስን መጋበርያታቶምን ድቃስ ከሊእዎም ካብ ዘሎ ጉዳይ ምኻኑ ዝሰሓት ኣይኰነን። በዚ እተሰናበደ ዲክታቶርያዊ ስርዓት፡ ንሓድነት ህዝብና ከም ልማዱ ብሃይማኖታውን ኣውራጃውን ፍልልያት ኣንቂዑ፡ ዕደመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ብጋህዲ ይኹን ብስውር ክንቀሳቐስ ይርከብ ኣሎ።

ክቡራትን ክቡራንን

ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኵነታት ኣብ ድሮ በዓል ናጽነት፡ ካብ 25 ሚያዝያ ክሳብ 4 ግንቦት እተኻየደ ዓመታዊ ኣኼባ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ውሽጢ ሸሞንተ ኣዋርሕ ኣባላት ውድባት ኪዳን ዝሳተፍዎ ጠቕላላ ጉባኤ ክግበርን፤ ናይ ኤርትራውያን ዜና ማዕከናትን በርገሳውያን ማሕበራትን ከም ተዓዛብቲ ዝሳተፍዎ ጉባኤ ክኸውንን፤ ከምኡ ውን፡ ጉዳይ ቻርተርን ቅዋምን እተመጣጠነ ውክልናን ካልእ ጉዳያትን ተጸኒዑ ናብ ጉባኤ ክቐርብን ወሰነ። ብተወሳኺ፡ ሃገራዊ ዋዕላ ዘለዎ ኣገዳስነት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንዕላማታቱን ተሳተፍቱን ምድላዋቱን ወዘተ እተጽንዕ ኮሚቴ ንኽቐውም ንፈጻሚ ቤት ጽሕፈት መዘዘ። ኣኼባ፡ ኣብ ዝቐረበሉ ጠለብ ናይ ኣባልነት ድሕሪ ምምይያጥ፡ ንሰልፊ ትንሳኤ (ሕዝብ ኣልናህዳ) ኣባል ኪዳን ክኸውን ብምሉእ ድምጺ ኣጽደቐ።

ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት፡ ኣብ ልዕሊ ዝጸንሐ ሰክረታርያ ማእከላይ መሪሕነትን ኣብ ልዕሊ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈትን ዘለዎ እምነት ብምሕዳስ፡ ንናይ መጻኢ መድረኻዊ መደብ ዕዮ ክፍጽምን ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ክመርሕን ሓላፍነት ኣሰከሞ።

ኣብ መደምደምታ፡ ብኣጋጣሚ መበል 15 ዓመት በዓል ናጽነት፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ጐድኒ ተቓወምቱ ደው ኢሉ ነቲ ብዲክታቶርያዊ ስርዓት እተሰልበ መሰላቱ ንኽምልስን፥ ንናይ ከፋፊልካ ግዛእ ስልትታት ንምፍሻል ብትብዓት ሓደ ኢድ ኰይኑ ቃልስታቱ ክቕጽልን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ይጽውዕ። ከምኡ ውን፡ ነቶም ምእንቲ ሰላምን ፍትሕን ዲሞክራስን ዝካየድ ዘሎ ቃልስታት ህዝብና ሞራላውን ንዋታውን ደገፍ ዘበርከቱ ሃገራት ምሕዝነት ሰንዓ ምስጋናኡ እናገለጸ፡ ደገፉቶም ከኻዕብቱ ጻውዒቱ የቕርብ። ኣህጕራዊ ማሕበረ-ሰብ ድማ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዘለዎ ሓላፍነት ክስከምን፤ ንጕዳይ ዶብ ብህጹጽ ክጥረር ጸቕጥታቱ ከሐይልን ድማ ደጊሙ የተሓሳስብ።

ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና
ናጻን ልዑላዊትን ዲሞክራስያዊትን ኤርትራ ንዘልኣለም ትንበር

**ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት**
**ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን**
24.05.2006